ዕላዊ ልሳን ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክርሲያዊ ለውጢ



torch www.fotosearch.com

# ብስራት

ጥቕምቲ 2010

ቅጺ 1 ቁ 1

## ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብ መንእሰይ ወለዶ ክመሓላለፍ እዋኑ'ዩ

እቲ ብመሪር ብረታዊ ቃልስን ከቢድ መስዋእነት ምሩጻት ደቁን ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተናጊፉ ብ1991 ነጻነቱ ዝተጎናጸፈ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ሕሱም ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ጭቆናታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዝወድቕ እንሆ ዓሰርተ ትሸዓተ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ህዝብና ብልጽግትን ምዕብልትን ኤርትራ ንምርኣይን ምህናጽን ዝነበሮ ዘይነጽፍ ሕልምታቱ በቶም ፍጹም ኣብ ትጽቢቱ ዘይነበሩ ደቂ ሃገር ተጠሊሙ፡ ሞሳኡ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝኸፍአ ማእለያ ዘይብሉ ጭቆና፡ ኣደራዕን ግፍዕታትን ኮይኑ ምህላዉ ምስጢር ኣይኮነን። ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ'ቲ ህያው መባእታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቱ ተነፊጉ፡ ንግዕዙይን ዘይፍትሓውን ምሕደራ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ተፈሪዱ ይበስባስን ይንኸራተትን ምህላዉ ይትረፍ ካብ ፍቅርን ሓልዮትን ህዝቦም ዘለዎም ዜጋታትና ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝተሰወረ ክውንነት ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ።

ብስንኪ'ቲ ጉጉይን ኣዕናውን ፖሊስታት ስርዓት ህግደፍ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቃቒ መነባብሮን ኤርትራ ብውሽጥን ብደገን ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ውድቀት ተምርሕ ምህላዋን ጸሓይ ዝወቕዖ ክውንነት'ዩ። ህዝብና ብሓፈሻ እቲ ተካኢ ሓድሽ ወለዶ መንእሰይ ከኣ ብፍላይ ኣብታ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ብዘይቅዋም ትመሓደርን ውሕስነት ሂወቶም ዝተነፍጋን ኤርትራ መጻኢ ዕድሎም ብምልኡ ጸልሚቱ ይርከብ። ስለዝኾነ ንዘመናዊ ባርነታዊ መግዛእትን ምዝመዛን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብምንጻግ፡ ከይፈተዉ ዳግማይ ናብ ስደት ዝውሕዝሉ ኩነታት ነጊሱ ምህላው ዝኸሓድ ኣይኮነን። ኮታ ብጥቕልሉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝካየድ ዘሎ ዓሚቕ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ጭቆናታት ናብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ ቤት ዝበጽሐን ዝሳዕረረን ተርእዮ ብምዃኑ ንቀባራይ መርድእ መታን ከይኸውን ብዙሕ ተንታን ዝሓትት ጉዳይ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ።

ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ተኪኡ፡ ነቲ ኣብ ዓለምን ዞባናን ዝተራእዩ ኣውንታዊ ምዕባሌታትን ለውጥታትን ብምጽራር፡ ኣብ ጽባሕ ነጻነት ንኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታት ዘሳትፍ ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ምምስራት ኣትሪሩ ነጺጉ። ብኡ ኣቢሉ ከኣ ኣብ ሃገርና ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ክሳብ ዝተሓሰመ ቃልሲ ክቕጽል ዘይተርፍ ታሪኻዊ ግድነት ነበረ። ነቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ብውዑይ ነጻነታዊ ስምዒታት ከይተደናገሩን ደኺምና ከይበሉን ኣብ ኤርትራ ሰላም፡ ራህዋ፡ ፍትሒ ማዕርነትን ምዕባሌን ንምርግጋጽ ቃልሲ ንምቅጻል ዝወሰኑን ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ኣብ መስርዕ ተቓውሞ ከርተት ዝብሉ ዘለውን ኣያታትና ወይ ኣቦታትና ገዳይም ተቓለስቲ ልዑል ሃገራዊ ክብርን ሞጎስን ክዋሃቦም ይግባእ።

እዚ ኣውንታዊ ሃገራዊ እጃም'ዚ ኣብ ቦትኡ እንከሎ ግን፡ ንመስርዕ ተቓውሞ ብክንድ እቲ ሃገርና ትጠልቦን ህዝብና ትጽቢት ዝገብረሉን ንቅድሚት ከይስጉምን ደሞክራስያዊ ለውጢ ከየረጋግጽን ዘይወድዓዊ ሕጽረታት ምርኣዮምን ዕባራ ምኽንያታት ምቅራቦምን ካብቲ ብዘይንሕስያ ክወቐስሉ ዝግባእ ተመክሮ ምዃኑ ንኣምን።

ነዚ ኩነታት'ዚ ብዕምቆት ክንመዝን ኣብ ንግደደሉ እዋን፡ መስርዕ ተቓውሞ ካብ ጽባሕ ነጻነት ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ብክንድ'ቲ ትጽቢት ህዝብና ንቅድሚት ከይስጉምን ደሞክራስያዊ ለውጢ ከየረጋግጽን ሓሊኹም ዝሓዝዎ ረቛሒታት ብዙሓት ምህላዎም ንግንዘብ። ካብቶም ፍሩያት ኣብነታት ንምጥቃስ ዝኣኽል፡ ብድሕሪ ምዝዛም ብረታዊ ቃልሲ መስርዕ ተቓውሞ ንገዛእ ርእሱ ብምምዕርራይ ምስ ዓለማዊ ኩነታት ዝዛመድን ምስቲ ሓድሽ ነጻነታዊ መድረኽ ዝጠዓዓምን ስልጡን ዝኾነ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ምትእትታው ዓቢ ብኩራት ምምዝጋቡ ዘካትዕ የብሉን። ከምኡ'ውን ምስቲ መድረኽ ዝሳነ ሓድሽ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮ፡ ሕገ ህንጻ፡ ኣወዳድባ፡ ኣገባብ ቃልስን ስልትን ክቕይስ ኣይኸኣለን። ነቲ ውዑይን ሓድሽ ወለዶን ኣብ ቃልሲ ብምስላፍ መሪሕ ተራኡ ክጻወት ዕድል ኣብ ልዕሊ ዘይምሃቡ፡ መተካእትኡ ክፈጥርን ተመክሮታቱ ንምምሕልላፍን ድልውነቱ ኣየረጋገጸን።

ኣብቲ እዋን'ቲ ብግብሪ ኣብ ባይታ ዝተጋህደ ሓቅነትን ክሳብ ሕጂ መሊኡ ዘይተወገደ ክውንነትን ክንዕዘብ ከለና፡ መስርዕ ተቓውሞ ንህልዊ መድረኽ ዘየንጸባቕን ዘይገጥምን ኮይኑ ይስጉም ምህላው ንግንዘብ። ኩሉ'ቲ ብቅድሚ ነጻነት ኣብ መስርሕ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ ፖሎቲካዊ ኣተሓሳስባ፡ መደብ ዕዮ ኣወዳድባን መሪሕነትን ከምቲ ንሱ ብዘይዝኾነ ዓይነታዊ ለውጥታት ይቕጽል ምህላው ነስተብህል። እዚ ክውንነት'ዚ ሓደ ካብቲ ነቲ ውዑይ ናይ ለውጢ ሓይሊ መንእሰይ ዘይስሕብን ኣብ ቃልሲ ልሉይ ተርኡ ከይጻወትን ገቲሩ ዝሓዘ ጉዳይ ምዃኑ ነስተውዕል። ከምኡ'ውን ኣብ ዝምድናታት መንእሰይን ገዳይም ተቓለስትን ዓቢ ጋግን ሃጓፍን ምፍጣሩ፡ ብጭቡጥ ዝድህሰስን ብብዕለቱ ገጽ ንገጽ ብልዑል ድምጺ ዝዝረበሉን ተረኺቦ'ዩ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ንረብሓታት ህዝቢ ኤርትራን ደሞክራስያዊ ቃልስታቱን ፋይዳ ስለ ዘይብሉ ብርግጽ ክቕየርን መተካእትኡ ምንዳይን ይግባእ። እንበኣርከስ ካብዚ ክውንነት'ዚ ብምንቃል፣

- ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ዘለና ብርቱዕ ፍቅርን ሓልዮትን ብምብጋስ።

- ክብሪ ህዝቢ ኤርትራን ዜግነታዊ መሰላቱን ንምውሓስ ካብ ዘለና ሓላፍነት ብምብጋስ።

- ነቲ ብመሪር ቃልስን ከቢድ መስዋእትነትን ዝተጨበጠ ልዕላውነትን ሓድነትን ኤርትራ ምውሓስን ምዕቓብን ካብ ዘለና ጽኑዕ እምነት ብምብጋስ።

- ሕድሪ እቶም ምእንቲ ኤርትራን ህዝባን ክቡር ሂወቶም ዝተበጀዉ ስውኣትና ከነኽብር ካብ ዘለና ረዚን መንፈሳውን ሕልናውን ሓላፍነት ብምብጋስ።

- ጸቢብ ጉጅላዊ ይኹን ውድባዊ ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ኣተሓሳስባ ወይ ጭርሖታት ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ደሞክራስያዊ ቃልስታቱን ሓደገኛ ተርእዮ ምዃኑ ብምግንዛብ።

- ነቲ ኣብ ሃገርና ሳዕሪሩ ዝርከብ ሓደገኛ ኩነታት ንምቕያር ብቀንዱ ዋኒን ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ዕዳ መንእሰይ ምዃኑ ከኣ ብፍላይ ብምስትብሃል።

- ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብቲ ሓደገኛ ዕንወትን ብርሰትን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምድሓን ስደት ፍጹም ዘላቒ መፍትሒ ክኸውን ከም ዘይኽእል ብምእማን።

- ኣብ ኤርትራ ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምህናጽ፡ መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ምርጫ ምዃኑ ብምእማን።

- ኣብ ኤርትራ ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድን ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ሓደ ድልዱል መሪሕ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምህናጽ ዘለዎ ኣገዳስነት ብምግንዛብ።

- እቶም ኣብ ክሊ'ዚ ቅዱስ ዕላማታት'ዚ ዝኣምኑን ብቀዳምነት ኤርትራን ህዝባን ንምድሓን ብጭቡጥ ክዋስኡ ዝኽእሉን ባእታታት፡ ጉጅለታትን ሓይልታትን ምጥርናፍ ዘለዎ ኣገዳስነት ብምግንዛብ።

ነዚ ቅዱስ ዕላማታት'ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ብድሕሪ ዓሚቕን ሃናጽን ልዝባት ምስ ህልዊ ዓለማዊ ፖለቲካዊ ርእይቶ ዝተዓጻጸፍን ንመድረኻዊ ሃገራዊ ዕማማት ብግቡእ ንምምላሽ ዘመናዊ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ከም ባህሊ ዘጥረየን ውድብ ምህናጽ ዘይስገር ዕማም ምዃኑ ተገንዚብና። ስለዚ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝብል ስያመ ክንውደብን ክንቃለስን ምርጫና ብድሕሪ ምግባር፡ ውድብና ኩሉ እንተናዊ ምድላዋቱ ወዲኡ ሃገራዊ ዕማማቱ ንምስልሳል ምብጋሱ ንህዝቢ ኤርትራ ከነበስር ንፈቱ። ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀንዲ ተዋሳኢቲ ሓይልታቱ እቶም ናይ ለውጢ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኮይኖም ኣብ ርእሲ'ዚ ነቲ ንቃልሲ ዘየገልግል ኣብ መንጎ መንእሰያትን ገዳይም ተቓለስትን ዘሎ ሃጓፋት ንምፍታሕ ብሱል ኣረኣእያ ወኒኑ ኣሎ። ጉባኤኡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብምስላጥ፡ መደብ ዕዮኡን ሕገ ህንጽኡን ሓንጺጹ፡ መሪሕነቱ ንስእሊ ኩሉ ክውንነት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ተመክሮታት ንምልውዋጥ ብዝሕግዝ መንገዲ ካብ ገዳይም ተጋደልትን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ቀሪጹ ዕላዊ ክገብር ምዃኑ የረጋግጽ።

ዕላዊ ልሳን ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መጽሔት ብስራት ኮይኑ፡ ኣብ ክልተ ወርሒ ሓደ ግዜ ክሕተም ምዃኑ ንሕብር። መጽሔት ብስራት ንኣገደስቲ ሃገራዊ ጉዳያት ቆላሕታ ብምሃብ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት መንእሰያት ክብ ብምባል ኣብ ቃልሲ መሪሕ እጃሞም ንምጽዋት ልዑል ኣስተዋጽኦ ከበርክት'ዩ።

ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንመስርሕን ውጽኢትን ኤርትራዊ ዋዕላ ክመዝን እንከሎ፡ ምስቲ ኩሉ ዘመዝገቦ ሕጽረታት ኤርትራውያን ድሕሪ ክንደይ ዝተሓላለኸ ነዊሕ ጉዕዞ ሕድሕድ ልዝባት ንምክያድ፡ ኣንፈት ዝኸፈተን ንመስርዕ ተቓውሞ ኣውንታዊ ምዕባሌን ምዃኑ ይኣምን። ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ከኣ ምስቲ ብዋዕላ እምነት ተነቢርሉ ድሮ ዕማማቱ ጀሚሩ ዘሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኩሉ መዳያዊ ገድላዊ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ክገብር ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ይገልጽ። ጽንኩርነት ናይቲ ጉዕዞን ዕማምን ብግቡእ ብምግንዛብ ከኣ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ካብቲ ልሉይ ሕጽረታት ዋዕላ ብቁዕ ትምህርትን ተመክሮን ሓፊሱ፡ ብጥንቁቕ መንገዲ ውጺኢቱ ንዝተጨበጠ ዕውት ሃገራዊ ጉባኤ ከብጽሓና ይምሕጸን። ኣብ ርእሲ'ዚ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምእንቲ ረብሓታት ህዝቢ ኤርትራን ደሞክራስያዊ ቃልስታቱ ንምዕዋትን ምስ ኩሎም ኣብ ዓውዲ ቃልሲ ዝዋስኡ ውድባት ዝኽተልዎ ፖለቲካዊ ዕላማታትን መርገጻትን ብዘየገድስ ተሳንዩ፡ ተጸዋዊሩ፡ ተኸባቢሩን ተሓባቢሩን ክሰርሕ ምዃኑ ዘለዎ ቅርብነት የረጋግጽ።

ኣብ መደምደምታ ህዝብና ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ሰላምን ቅሳነትን ፍትሕን ዝሰፈና ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምርግጋጽ ናብ ጎኒ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብምስላፍ ክቃለሱ ይጽውዕ።

**ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!**

**ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ!!**

ግዝያዊ መሪሕነት

ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

01 ጥቕምቲ 2010